# ግዳም ሓደር ሓደ ኤርትራዊ ኣብ ኦስሎ

እቲ ዓቢ ሰዓት ኣብ ኦስሎ መዕርፎ ባቡር ዝርከብ ንፍርቂ ለይቲ ዘብል ገጹ ቂምቂም ይብል ኣሎ። ተጓዓዝቲ በቲኣ ናይ መወዳእታ ሰዓት ባቡር ናይዚ መዓልቲ'ዚ ዋንኖም ጨርሾም ነናብ ገዝኦም ይሕምበቡ። ግን ኩሉ ኣይኮነን ንገዝኡ ክኸይድ ዝኽእል። ገልኡስ ነዚኣ ጎኑ ዘዕርፈላ ዓራት'ውን ኣይውንን ኢዩ። ገልኦም በዚኣ ጨካን ዓለም ሓለኽለኽ ናብራ ዝተሰነፉ ግዳም ሓደር እዮም። ገልኦም ከኣ ባብር ዘምለጠቶም ኮይኖም ካልኦት ከኣ መጎዓዓዚ ዝስኣኑ እዮም። ፍርቂ ለይቲ ሓልፉ ስለዘሎ እቲ ኣዳራሽ ናይቲ መዕርፎ ባቡር ክዕጾ ስለዝኾነ እቲ ዝተረፈ ክወጽእ ነይርዎ። መንበሪ ገዛ ዘይብሎም፣ ግዳም ሓደር ዝኾኑ ከም ባርንባስ ዝኣመሳሰሉ ኤርትራዊያን ምሉእ ዓመት ኣብ ግዳም እዮም ዝሓድሩ። ዋላ እቲ ናይ ደገ ቑሪ ትሕቲ ዜሮ ክሳብ 15 ዲግሪ ሴንቲ ግሬድ ዝበጽሕ ኣብ ድገ እዮም ዝሓድሩ።

ባርንባስ ነቲኣ ንጽጉማት ግዚያዊ መዕቖቢ ክትህብ ተባሂላ ኣብ ፌቐድኡ ትዘውር ኣውቶቡስ እንዳተጸበየ ከሎ ኢዩ ኣጋጣሚ ስለዝመጸት ካብቲኦም ኣቐዲሞም ንኽዕቀቡ ዕድል ዝረኸበ። ባርንባስ ዉዑይ ቡን ረኺቡ ንሓንቲ ለይቲ መዕቖቢት ትኾኖ ኣውቶብስ ምርካቡ ዕድለኛ ኢዩ። ባርናባስ ከምዝበሎ ኣብዚኣ ኣውቶቡስ ተዓቚቡ ንግዚኡ ካብቲ ሓያል ቁሪ ምግልጋሉ ሓጎሱ ይገልጽ።

ካልእ ውልቀሰብ'ውን ኣብቲኣ ኣውቶቡስ ክኣቱ ዕድል ዝረኸበ ነቲኣ ኣውቶቡስ ከምዝፈትዋ ገሊጹ። ሳልሳይ ውልቀሰብ ከምዝበሎ'ውን እቲ ዝርካቡ ዕድል ኽትጥቀም ምኽኣል ጽቡቕ ዕድል ኢዩ ይብል።

## ስክፍታታት

መዕርፎ ባቡር ኦስሎ ሰዓት ሓደ ድሕሪ ፍርቂ ለይቲ ክዕጾ ስለዘለዎ ኩሉ ካብቲ ኣዳራሽ ክወጽእ ኣለዎ። እቲ ስክፍታ እዚኦም ግዳም ሓደር ኣብ ደገ ክሓድሩ ስለዘለዎም እሞ ኸኣ ናይ ኦስሎ ቑሪ እንዳኣንቀልቀለ ትሕቲ ዜሮ ክሳብ 20 ዲግሪ ሴንቲ ግሬድ ክወርድ ትጺቢት ስለዘሎ እንታይ ይኸኑ ዝብል ሕቶ ኢዩ። ኣብ ኦስሎ ሓደሓደ ግብረ ሰናይ ወሃብቲ ማሕበራት ከምዝብልዎ ካብ 50 ክሳብ 70 ዝኾኑ ግዳም ሓደር ከምዘለዉ ግምታት ኣሎ።

ክሪሲትን ፌርግስታድ ዝተባህለት ሓላፊት ናይ ሓደ ፕሮጀክቲ ከምዝበለቶ ኣብዚ ቆራሪ ግዜ ኣብ ደገ ምሕዳር ብጥዕና ይኹን ንህይወት ሓደገኛ ኢዩ ትብል። ካልእ ማሪት ሶል ዝተባህለት ሓልፊት'ውን ከምዝበለቶ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ደገ ምሕዳር ሓደገኛ ኢዩ ትብል።

ሰብኣዊ ረዲኤት ለገስቲ ከምዝብልዎ ግን ንኹሉ መዕቖቢ ዝኸውን ቦታ ከምዘሎ ኢዩ። ናይ ገሊኡ ግን ክርድኣካ ብዘይኽእል ምኽንያት ኣብ ደገ ምሕዳር ይመርጹ። ዮስታይን ሆግን ዝተባህለ ሓደ ካብ ሓገዝ ወሃብቲ ውልቀሰብ ከምዝበሎ እዝኦም ኣብ ደገ ዝሓድሩ ዝለዉ በዚ ቑሪ'ዚ ኽመቱ ይኽእሉ እዮም።

## ቆራሪ መደቀሲ ሎቕታ

ባርናባስ ወዲ 32 ዓመት ኢዩ። ሕጋዊ ወረቐት መንበሪ ዘይብሉ ስደተኛ ኣብ ኖርወይ ኢዩ። ካብቲኣ ምቑእ ክሊማኣ ዝኾነት ኤርትራ ዝመጸ ስደተኛ ኮይኑ ንኽልተ ዓመት ብዘይሕጋዊ መንገዲ ግዳም ሓደር ብምዃን ይቕመጥ ኣሎ። ንሓደ ዓመት ዝኸውን ኣብ መዕቖቢ ስደተኛታት ሊየር ዝተባህለ ቦታ ተቐሚጡ። እንተኾነ ነቲ ቦታ ስለዝጸልኦ ናብ ኦስሎ መጺኡ። እቲኣ ጸላም ሻንጣ ሒዙዋ ዝዘውር ክሳብ 7 ኺሎ ትምዘን። ካብ ንብረቱ ሓንቲ መጽሓፍ ቅዱስን ክዳዊንትን ከምዝጠፍኦ ይዛረብ። ካብቲ ዝውንኖ ሓደሓደ ኣገደስቲ ወረቓቕትን ንመትርኣስ ዝጥቀመሉ እካብ ጋዜጣታት ገዲፍካ ዘለዎ ዝምስጥ ፍሽኽታን ፍሕሹው ገጽን ኣብ ደገ ምሕዳሩ ብጣዕሚ ሕማቕ ከምዝስምዖ ይገልጽ። ዘማርሮ ምኽንያት ከምዘይብሉ ይገልጽ። ኮይኑ ግን ሓደ ሙቐት ዝህብ ጃኬት እንተዝረክብ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኽጠቕሞ ከምዝኽእል ይሕብር።

ባርናባስ ብረቂቕ ክዳን ትሕቲ ዜሮ ክሳብ 18 ዲግሪ ሴንቲ ግሬድ ዝበጽሕ ኣብ ደገ ሓዲሩ ኣሎ።ደቂሱ ከሎ ብብዝሒ በረድ ኣብ ልዕሊኡ ምስ ዝወርድ ከምዝበራበር ይገልጽ። እቲ ቑሪ መጀመርያ ብጽፍሪ እግርኻን እድካን ኢዩ ዝጅምር። እንዳጸንሔ ግን ምሉእ ኣካላትካ ኣብ እምኒ ይቕይሮ ይብል። ንሕቖኻው'ን ሳዕቤናት ኣለዎ ይብል። እንዳሰሓቐ ስለዘዕልለካ ስክፍታታት ዘለዎ ኣይመስልን ኢዩ።

ነዚ ሓዲሽ ዓመት እንታይ'ዩ ሕልምኻ ኢልና ተወክስናዮ። ባርናባስ ክምልስ ከሎ @ተስፋ እገብር ዝዕቀበሉ ቦታ ኣብ ኖርወይ ክረክብ። ዘዕርፈሉ ቦታ ረኺበ ዓቕሚ ከዋህልል ግዜ የድልየኒ። ጸኒሔ ከኣ መኖባብሮይ ግዲ የመሓይሽ እኸውን@ እንዳበለ ጸጸኒሑ ካብቲ ውዑይ ቡን ይሰቲ።

ሓንቲ ኖርወጃዊት ኢንገር ብረንዲን ዝተባህለትን መሳርሕታ ጀርጎን ሎቭሰት ናይዚ ለይቲ ኣብቲኣ ኣውቶቡስ ኣሳሰይቲ እዮም። ኣብቲኣ ኣውቶቡስ ነንዝመጹ ሓደሽቲ ተዓቖብቲ ብሽኮትን ቡንን ይዕድሉ። ምስዝኦም ተዓቖብቲ ምዕላል ደስ ይብለና ከኣ ይብሉ።

## ጠጠው መበሊ ቦታ

እቲኦም ኣብዚኣ ኣውቶቡስ ክዕቖቡ ዝመጹ ገሊኦም ኖርወጃዊያን ኮይኖም ኣብ መናበዪ ጽጉማት ዘሎ ቦታታት ኽነብሩ ዘይደልዩ እዮም። ገልኦም ከኣ ስራሕ ክናዲዩ ዝመጹ መንበሪ ቦታ ዝስኣኑ ፖላንዳዊያን እዮም። ገልኦም ከኣ ወልፊ ዕጸ ፋርስ ዘለዎም ኮይኖም ገልኦም ከኣ ስደተኛታትን እቲኣ ናይ መወዳእታ ባቡር ዘምለጠቶም ንገዝኦም ክኸዱ ዘይከኣሉ ውልቀሰባት የጠቓልል። ሓደሓደ እዋን ሰብ ይበዝሕ እሞ ገልኦም ኣብ ደገ ኽጸበዩ ይግደዱ። ኢንገር ብረንዲን ከምትብሎ ኣብዚ ቦታ ክመጹ ዘይደልዩ ዝተፈላለየ ምኽንያት ዘለዎም ውልቀሰባት *ከምዘለዉ*'ውን ይፍለጥ። ገሊኡ ብሕታዊነት ዝመርጽ ኢዩ። ስለዝኾነ ከኣ ኣብ ጋራዣት ከምኡ'ውን ኣብ ሙቐት ክረከበሉ ዝከኣለሉ ቦታታት ተሓቢኦም ዝነብሩ ኣለዉ።

ባርናባስ ክሳብ ዝወግሕ ማለት ክሳብ ሰዓት 4 ናይ ወጋሕታ ኣብዚኣ ኣውቶቡስ ክጸንሕ ኢዩ። ምስ ወግሔ ግን ኣብቲ መዕርፎ ባቡር ዘሎ ኣዳራሽ ኣቲዩ ኣስናኑ ሓጺቡ ጸጉሩ መሻሺጡ ክዛወር ክውዕል ኢዩ።

## ሞራል

ንሕና ኤርትራዊያን ንሕበነሉን ንኾርዓሉን ካብ ኣቦሓጎታትናን ኣቦታትና ክተሓላለፍ ዝጸንሐ ክብርታት ኣሎና። ሓደ ካብ ክብርታትና ንጽጉማት ምሕጋዝ ኢዩ። ኣብዚ ኣብ ኦስሎ ኻብ ኽካየድ ዝጸንሐ ሰሚናራት ይኹን ዘተ ብዛዕባ ንጽጉማት ምሕጋዝ ብዝምልከት ምርሒት ዝብሃል ብዓበይቲ ሰባት መናባብርቲ ዓዲ ተባሂሎም ዝፍለጡ ይውገን ከም ዝነበረ ይዝንቶ። እዝኦም ዓበይቲ ዓዲ ጽጉም ሰብ ምስዝርከብ ኣገሌ ንኽንዲዚ ሳምንታት ምሳኻ ኽጸንሕ ኢዩ ብድሕሪኡ ከኣ ኣገሌ ክቕበለካ ኢዩ እንዳተባህለ ንጸገም ውልቀሰብ መፍትሒ ይረኽብሉ ከምዝነበረ ይዝንቶ።

ግዳም ሓደር ሓደ ኤርትራዊ ህሉዊ ኩነታት ኮይኑ ናይ ብሓቂ ሽሙ ብፈጠራዊ ሽም ተቐይሩ ኢዩ ቐሪቡ ዘሎ። ምናልባት ኣብ ካልእ ሃገራት ዝርከቡ ኤርትራዊያን ናይ ምትሕብባር መንፈስን ምትሕቛቛፋን ይህልዎም ይኸውን። ኣብ ኖርወይ ንርከብ ኤርትራዊያን ግን ኤርትራዊ ካብዚኣ ዓለም ክፍለይ ከሎ ነርእዮ ምትሕብባር ሰብ ብህይወቱ ከሎ ስለምንታይ ከምንጭክነሉ ሕንቅልሕንቅልተይ ኢዩ ዝኾነካ። ግዜ ይመጽእዶ ኾን ይኸውን ኤርትራዊያን ኣብ ኖርወይ ዘሎና ኣብ ነንሕድሕድና ዘሎ ጭካኔ ብርህሩህ ልብ ንቕይረሉ?

ተጻሒፈ

ብተስፋሚካኤል ዮሃንስ

ኦስሎ ኖርወይ